# ልቓሕ መግዝኢ ኣቑሑ ገዛ



## መን ኪልቃሕ ይኽእል: ንምንታይከ ምልቃሕ ይከኣል፧

ስደተኛታትን ገለገለ ካልኦት ወጻእተኛታትን ልቓሕ መግዝኢ ኣቑሑ ገዛ ኪሓቱ ይኽእልሉ'ዮም። ልቓሕ ንምውሳድ: እንተ ወሓደ ኣብ መስርሕ ምቕባል ስደተኛታት እትጥርነፍ: ወይከኣ ኣብ ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ተመዝጊብካ ንሓገዝ መትከል-እግሪ መሰል ዘሎካ ክትከውን ኣለካ። እቲ ኮሙን ፈለማ ኪቕበለካ ከሎ'ውን: ድሮ 18 ዓመት ግድን ዝመላእካ ክትከውን ኣለካ።

እቲ ልቓሕ መሳርሕታት ክሽነን ኣቑሑት ገዛን ወዘተ ንምግዛእ ዘኽእለካ'ዩ። እቲ ገንዘብ ንመግቢ ንኽራይ ገዛ ክትጥቀመሉ ኣይፍቀድን'ዩ።

## መዓስ ክልቃሕ እኽእል፧

ካብታ ኣብ ኮሙን ፈለማ ዚቕበሉኻ: እንተ ደንጎየ ኣብ ክልተ ዓመት ልቓሕ ክትሓትት ትኽእል። ናይ ዝሓለፈ ዝወሰድካዮ ልቓሕ መመላእታ ክትሓትት ከለኻ'ውን ከምኡ።

## ክንደይ ክልቃሕ ይፍቀደኒ፧

ናይቲ ልቓሕ መጠን: ናይቲ ዚሓትት ስድራ ዕቤት'ዩ ዚውስኖ። ኣብ ስድራ ቈልዑ እንተለዉ: ነቲ ገዛ ምስ ኣቑሑ ዲኻ ትካረዮ ወይስ ብዘይ ኣቑሑ: ጽግዕተኛ ኮይንካ ዲኻ ትቕመጥ ወዘተ። ኵሉሳዕ ካብቲ ዝለዓለ መጠን ልቓሕ ውሕድ ዝበለ ድምር ገንዘብ ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ። ምስ ሰብ: ሓዳር ብዝመስል ኣገባብ ትቕመጥ እንተ ኾይንካ (ማለት: ብዓልቤት: ሳምቦ ወይ መጻምድቲ) ነቲ ልቓሕ ብሓባር ኢኹም ትሓትዎ። ሽዑ ክልቴኹም ኣብቲ ልቓሕ ሓላፍነት ትስከሙ፤ እዚ ማለት ከኣ: ክልቴኹም እቲ ልቓሕ ኪምለስ ሓላፍነት ትስከሙ ማለት'ዩ። ዋላ'ኳ ድሒርኩም እንተ ተፋታሕኩም ወይ ተፈላሊኹም እንተ ተቐመጥኩም እቲ ሓላፍነት ብሓባር ኢኹም ትስከምዎ።

| ቍጽሪ ሰባት | ኣቑሑ ዘይብሉ እንተ በዝሐ ድምር ክሮኖር | ኣቑሑ ዘሎዎ ጽግዕተኛ |
|---|---|---|
| 1 በጽሒ | 10 000 | 5 000 |
| 1 በጽሒ + 1 ቈልዓ | 20 000 | 5 000 |
| 1 በጽሒ + 2 ቈልዑ | 25 000 | 5 000 |
| 1 በጽሒ + 3 ቈልዑ | 30 000 | 5 000 |
| 1 በጽሒ + 4 ቈልዑ ወይ ዚያዳ | 35 000 | 5 000 |
| 2 ኣባጽሕ | 15 000 | 5 000 |
| 2 ኣባጽሕ + 1 ቈልዓ | 25 000 | 5 000 |
| 2 ኣባጽሕ + 2 ቈልዑ | 30 000 | 5 000 |
| 2 ኣባጽሕ + 3 ቈልዑ ወይ ዚያዳ | 35 000 | 5 000 |

## ልቓሕ ከመይ ጌረ እሓትት፧

ብዝቐለለ ኣገባብ ልቓሕ ንምሕታት: ኣብ ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ንዚርከብ ፈጻሚ ጕዳይካ ወይ ኣብቲ መቐበል ስደተኛታት ናይቲ ኮሙን ሓገዝ ሕተት።

እቲ ፈጻሚ ጕዳይ ቅጥዒ ኣብ ምምላእ ይሕግዘካ፤ ብዛዕባ መምርሕታት ልቓሕ ከኣ ሓበሬታ ይህበካ። ብድሕሪኡ እቲ ፈጻሚ ጕዳይ ነቲ ጠለብ ናብ ሲኤስኤን (CSN) ይሰዶ።

## ልቓሕ ድሮ ወሲደ'ለኹ፤ ተወሳኺ ክልቃሕ እኽእል'ዶ፧

ዚያዳ ክትልቃሕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ እንተደኣ

- ቅድሚ ሽዑ ካብቲ ዚግብኣካ ውሑድ ዝበለ ልቓሕ ተለቂሕካ እንተ ኔርካ
- ጽግዕተኛ መነባብሮኻ ኣብቂዑ: ካብ ኣቑሑ ዘሎዎ ገዛ ናብ ኣቑሑ ዘይብሉ ገዛ እንተ ግዒዝካ
- ኣብ ስድራኻ ኣብ ሽወደን ቈልዓ እንተ ተወሊዱ
- ኣብ መስርሕ መቐበል ስደተኛታት ናይቲ ኮሙን ዚጽብጻብ ወይ መትከል-እግሪ ሓገዝ ዚወስድ ናይ ቀረባ ዘመድካ ናብ ሽወደን እንተ መጺኡ። ናይ ቀረባ ዘመድ ኪበሃል ከሎ: ብዓልቤት: ብዓልቲቤት: መናብርትን (ሳምቦ) ትሕቲ 21 ዓመት ዝዕድመኡ ውላድካን የጠቓልል።

ምስ ብዓልቲ ቤትካ ወይ መናብርትኻ (ሳምቦ) ብሓባር እንተ ተለቂሕካ: እቲ ልቓሕ ኪምለስ ክልቴኹም ብሓባር ኢኹም ሓላፍነት ትስከሙ።

## መሳለጢ ክፍሊት

ካብቲ ልቓሕ: 300 ክሮኖር ብቐጥታ ንመሳለጢ ይቑረጽ። ንመወሰኺታ ልቓሕ ዚኽፈል መሳለጢ ክፍሊት 100 ክሮኖር'ዩ።

## እቲ ገንዘብ ብኸመይ ይኽፈለካ፧

ሲኤስኤን (CSN) ነቲ ልቓሕ ብስዌድባንክ ኣቢሉ ይኸፍሎ። እቲ ገንዘብ *ጥረ ገንዘብ እተውጽኣሉ ወረቐት* (kontantavi) *ጌርካ ትርከቦ ወይከኣ ኣብ ሕሳብ ባንክኻ ይኣቱ።* ኣብ ስዌድባንክ ዚርከብ ሕሳብ ወይከኣ ሓደ ካልእ ባንክ ኪኸውን ይኽእል። *እቲ ገንዘብ ኣብቲ እትደልዮ ሕሳብ ባንክኻ ኪኣቱ: ምስ ስዌድባንክ ርክብ ጌርካ: እቲ ገንዘብ ኣበየናይ ሕሳብ ኪኣቱ ከም ዘለዎ ግድን ክትሕብሮም ኣለካ።*

## እቲ ልቓሕ መዓስ ይምለስ፧

ካብቲ ፋልማይ ክፍሊት ዚመጸካ እዋን: ድሕሪ ክልተ ዓመት ክትከፍል ክትጅምር ኣለካ። ነቲ በቲ መደበኛ ኣገባብ ኣከፋፍላ እንተ ተኸቲልካ: እቲ ልቓሕ ከፊልካ ክትመልሶ ካብ 1 ክሳዕ 7 ዓመት ይወስድ።

## ወለድ ልቓሕ ብኸመይ ይሕሰብ፧

ካብታ ፋልመይቲ ክፍሊት ትመጸሉ ወቕቲ እቲ ወለድ ኪቈጸር ይጅምር። ድሕሪ ክልተ ዓመት ልቓሕ ምምላስ ክትጅምር ከለኻ: እቲ ወለድ ናይተን ክልተ ፋልሞት ዓመታት ምስቲ ዕዳ ይድመር። ብድሕሪኡ እቲ ቐጻሊ ወለድ: ብመሰረት እቲ ሓድሽ ድምር ዕዳ ይጽብጻብ። ኣብ www.csn.se ኣቲኻ: ናይ ነፍሲወከፍ ዓመት መጠን ወለድ ክንደይ ምዃኑ ክትርኢ ትኽእል። መጠን ወለድ ብመንግስቲ'ዩ ዚውሰን።

## ከመይ ጌረ እኸፍል፧

ድሕሪ ክልተ ዓመት ሲኤስኤን (CSN) ነተን ፋልሞት መኽፈሊ ፋክቱራታት ይሰድድ። ከምቲ ንቡር: ነቲ ልቓሕ ወርሒ-ወርሒ ትኸፍሎ። ክንደይ ትኸፍል እቲ ዝወሰድካዮ መጠን ልቕሕ'ዩ ዚውስኖ። ብግዜ እንተ ዘይከፊልካ መዘኻኸሪ ንሰድድ።

## ዚያዳ ክኸፍል እኽእል'ዶ፧

እንተ ደሊኻ ኣብ ውሽጢ'ተን ፋልሞት ክልተ ዓመታት ክትከፍል ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። ዕዳኻ ብዝቐልጠፈ እዋን ንምምላስ ከኣ ተወሳኺ ክፍሊት ክትከፍል ትኽእል ኢኻ።

## ክኸፍል ዘይክእል እንተ ኾይነ እንታይ እገብር፧

ትሑት እቶት ስለ ዘሎካ ክትከፍል ዘይትኽእል እንተ ኾይንካ: ትሕት ዝበለ ክፍሊት (ንኩይ ክፍሊ) ክትከፍል ክትሓትት ወይ ካብ ምኽፋል ከተዕርፍ (ድሒርካ ክትከፍል) ትኽእል ኢኻ። ንኩይ ክፍሊት ክትከፍል ወይ ካብ ምኽፋል ከተዕርፍ: ዕቤት ስድራን ዓመታዊ እቶትን'ዩ ዚውስኖ። ሓደ ዝሓለፈ ውሳነ ንሓደ ምሉእ ዓመት ይምልከት። እንተ ዘይከፈልካ'ውን እቲ ወለድ ከም ቀደሙ ይጽብጻብ። በዚ ምኽንያት: ከይከፈልካ እንተ ተጸቢኻ ዕዳኻ ይውስኽ። ኣብ ሽወደን ዘይትቕመጥ እንተ ኾይንካ: እቲ ንድሒርካ ናይ ምኽፋልዚምልከት መምርሒ ካልእ'ዩ። ብዛዕባ'ዞም መምርሕታት ሲኤስኤን (CSN) ኪህብር ይኽእል'ዩ።

## ልቓሕ ኪስረዝ ይኽእል'ዶ፧

ንሓዋሩ ልቓሕ ክትመልስ ኣይትኽእልን ኢኻ ኣብ ዚብል ገምጋም እንተ በጺሑ: ሲኤስኤን (CSN) ነቲ ልቓሕ ብምሉኡ ኪስርዞ ይኽእል'ዩ። እቲ ምኽንያት ንኣብነት: ነባሪ ሕማም ወይ እርጋን ምስ ትሑት እቶት ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ተለቃሒ ምስ ሞተ: እቲ ልቓሕ ብቐጥታ ይስረዝ።

## መካነ-መርበብ

ብዛዕባ ልቓሕ መግዝኢ ኣቑሑ ገዛ ኣብ www.csn.se ተወሳኺ ሓበሬታ ኣሎ።

CSN 4001G/1703

## ኣድራሻ ምቕያር

ኣብ ውሽጢ ሽወደን ኣድራሻ እንተ ቐይርካ: እቲ ሓድሽ ኣድራሻኻ ኣብ ህዝባዊ መዝገብ (folkbokföringen) ኪዝገብ ኣለዎ። ኣድራሻ ምቕያርካ ንሲኤስኤን (CSN) ክትሕብር’ውን ጽቡቕ’ዩ። ሓድሽ ኣድራሻ ወጻኢ ሃገር ብቐጥታ ንሲኤስኤን (CSN) ግድን ይሕበር። ናይ ኣድራሻ ካርድ (adresskort) ካብ ሲኤስኤን (CSN) ምጥላብ ይከኣል።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ተወሳኺ ሓበሬታ ዚህብ:- CSN,
Hemutrustningslån, 851 82 SUNDSVALL
ቴለፎን:- 0771-276 100
ቴለፎን ዚድወለሉ ግዜ 9.00–12.00
ቴለፋክስ:- 060-18 60 06
ኢ-መይል: hemutrustningslan@csn.se
መካነ-መርበብ:- www.csn.se

እዚ ቈጽሊ ሓበሬታ: ናብ ዓረብኛ: እንግሊዝኛ: ፈረንሳይኛ: ኩርማንጂ: ፓሽቶ: ፋርስኛ: ሩስያኛ: ሶማልኛ: ሶራኒ: ትግርኛ ተተርጒሙ’ሎ። ትርጒም ብሓልዮት ሴማንቲክስ